ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ናይ መኪና ኣቁሑት ማለት እዉን ምድብ-1 /LOT- 1/ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት /Spare Parts/ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ካብ መደበኛ በጀት ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ የካቲት 21, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 2, 2017 9:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3,000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 2, 2017 10:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ቁፅሪ: ግ/ጨ-15-02/17

ዕለት: 20/06/2017 ዓ/ም

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቁፀሪ 02/2017

ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ናይ መኪና ኣቁሑት ማለት እዉን ምድብ-1 /LOT- 1/ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት /Spare Parts/ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ካብ መደበኛ በጀት ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግባእ ረቓሕታት እንተነኣሰ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ናይ ተጫረቲ መምርሒ ክተማልኡ ይግባእ።

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘይሃሰሰ ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቁፀሪ II ሰርተፊኬት ዘይሃሰሰ ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል።

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ዘይሃሰሰ ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ኣብ ዉሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕል ኣሲሩ ብዉዕሉ መሰረት ናብ ኤጀንስና ንብረት ኣታዊ ክገብር ዝኽእል፣

5. ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታን ምድብ-1 /OT-1/ ዘይምለስ ብር 100.00 /ሓደ ሚኢቲ ብር/ ጥራሕ እናኸፈሉ ካብ ናይ ኤጀንስና ዳይሬክቶሬት ዕደጋ፣ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቁፀሪ 1-06 /ደጀን ቢሮ/ ካብ ዕለት 20/06/2017 ዓ/ም ክሳብ 1/07/2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቕራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኢኹም ክትወዳደሩ ትኽእሉ፣

6. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ምድብ-1 / OT-1/ 3,000.00 ቅርሺ(ሰለስተ ሽሕ ብር) ብሸም ኤጀንስና ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይ /Tigray Digital Agency / ብCPO ወይ ድማ ብጥረ-ገንዘብ ናብ ዝተዳለወ ናይ ኤጀንስና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፣

7. ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ወይ ብመረጋገፂ ጋራዥ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስ ተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ እዋን እቲ ግልፂ ጨረታ ተራእዩ ሰዓራይ ካብ ዝተፈለጠሉ መዓልቲ ጀሚሩ ክሳብ 60 ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኸውን፡

9. እቲ ጨረታ ዕለት 01/06/2017 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 9፡30 ድ/ሰዓት ተዓዕዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 10፡00 ድ/ሰዓት ኣብ ኤጀንሲ ድጅታል ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዕደጋ፣ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ደጀን ቢሮ ቁፅሪ 1-06 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኸፈት።

10. ኤጀንስና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

11. እቲ ጨረታ ምስ ተከፈተ ኤጀንስና ናይቲ ንብረት መጠን ዋጋ ክሳብ 20% ክቕንስ /ክውስኽ/ ይክእል እዩ። ሓበሬታ፡-ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቁፅሪ 0342400527 ደዊልካ ምሕታት ይካኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle